# ብዋጋ ሓዘን ህዝቢ ፖለቲካዊ ቁማር ምጽዋት ዶስ? ተካፋሊ ሓዘን ናየቲ ህዝቢ ምኻን::

ሃገር ማእከል ስሕበት ናይ ግዝኣተ ኣተሓሳስብኦም ጌሮም ዝከዱ ዜጋታት ናይ ሓንቲ ሃገር፡ ኣብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሕማቅ ክስተታት ኪኖ መንግስትን፡ ውድብን፡ ውልቀሰባትን፡ ብምብራኽ ተካፈልቲ ሓዘን ናይቲ ህዝቢ ክኮኑ እዩ ዘምሕረሎም።

ንርዱእ ምክንያት እዞም ዝተጠቅሱ ኣብ ሓደ ሃገር ናይ ዘልኣለም ዘይቅየሩ ነበርቲ ሓወልቲ ስለዘይኮኑ።

## እንተደይ ትነንወኒ መን መጽደፈኒ፡

1- መሬትና ብዝተዳነናዮ እንተዝሕንጸጽ፡

2- እገዳ ኢሎም መሬት እንተ ዘየጽቡቡልና፡

3- ጉጅለ ወያነ ኣብ ጽላል ጎይተቱ ግዝኣታዊ መሬትና ግሂሱ እንተ ዘይሕዞ

4- ምዕራባውያን መንእሰያትና ንክስደዱ ብቅሉዕ እንተ ዘይጽውዑ (እነተ ዘየተባብዑ) ወ.ዘ.ተ.

እዚ ወሪዱና ዘሎ ዘሕዝን ፍጻመ መጋጠመዶ? ህዝቢ ኤርትራ ዝሓሸ መገዲ ናይ ምምራጽ ብቕዓት ዘለዎ ህዝቢ ኣይኮነንዶ? ንቅሓት ናይ ህዝቢ ናይ ምንእኣስ ፈተነ ድኣ ስለምንታይ? ኪኖቲ ንሃገሩን ህዝቡን ዝሓልን ዝውፈን ኣብዚ ፉሉይ ኣጋጣሚ ቆዛምን ሓዘንተኛን ምኻን ንምንታይ ኣድለየ?

ዝኮነ ኣብዚ ሃገር ጀጋኑ ረብሓ ኣለኒ፡ ወድሃገር እየ፡ ጽባሕ ለውጢ መጺኡ ምስ ህዝበይ ክነብር እየ፡ ዝብል ኤርትራዊ ስለምንታይ ኣብ ናይ ምዕራባውያን መኣዲ ኣትዩ ኣድራጋ ንምኩላስ ዘዕለብጥ? ህዝቢ ተዓዛቢ እዩ እቲ ፍጻመ ንኩሉ ደላይ ጽቡቕ ናይ ኤርትራን ፡ምእንትኡ ዝውፈን ክብረቱ ንዝኮነ ወጻእተኛ ዘይሸይጥ ቅድምን ልዕሊ ኩሉን የሕዚንዎን ተሰሚዕዎን እዩ፡ ኪኖዚ ኣብ መቁሕ ትካዘ ክነብር ዝጽበዩ ጸላእቲ እንተልዮም ግን፡ባህሊ ናይዚ ተቃላሳይን ጸዋርን ህዝቢ ኣይኮነን። እንተቲ ብስም ኣባን፡ ሃለቃን፡ ኣብ ዓዲ

ጥልያን ዝግበር ዘሎ ምዕልባጥ ግን፡ ኪኖ ጽያፍ፡ ኣብ ትዕዘብቲ ናይ ህዝቢ ዘእቱ ነውሪ  እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ